# ክፀድፍ ያ ዝበለስ ቆንጠፍጠፈ ይሓቁፍ

ብ1982ዓ/ም/ኢ. ኣብ ደቡብ ወሎ ኣብ ከተማ ተንታ ካብ ክፍለ ሰራዊታት ኣሉላ ኣቃቂ ኣግኣዚን ንፖለቲካዊ ኮርስ ካብ ነብሲ ወከፍ ሬጅመንትታት ኮሚሳራት ሓይልን ገለ ውዳበታት ሓይሊን ከምኡ ውን ዝተወሰኑ ኮሚሳራት ጋንታን ተወፃፂእና ኣብ ትምህርቲ ኣብ ዝነበርናሉ እዋን ነይሩ ንመጀምርያ ግዜ "ክፀድፍ ያ ዝበለስ ቆንጠፍጠፈ ይሓቁፍ" ዝብል ምስላ ዝሰማዕኹ። ብፃይ ገ/ዋህድ ኮሚሳር ሓይሊ ሬጅመንት መትከል ካብ ክፍለ ሰራዊት ኣሉላ ነይሩ ነዛ ምስላ ዝተጠቐመ። ንምንታይ ነዛ ምስላ ተጠቒመ ፅንሕ ኢለ ምኽንያታተይ ከቐምጥ። ናይቲ መስላ ዋና መልእኽቲ ግን ካብ ምፅዳፍ ንምድሓን እሾኽ ቆንጠፍጠፈ ውን እንተኾነ ካብ ምሕቛፍ ንድሕሪት ኣይበሃልን እዩ። ኣብቲ ዝተኻየደ ፖለቲካዊ ኮርስ ካብ ዝተምሃርናዮም ሓደ ወይ ክልተ ፍረ ከካፍለኩም። ትምህርቲ ንምሃብ ዘይኮንኩስ ታሪኽ እየ ከካፍለኩም። እቲ ዝነበረ ኮርስ ብታሪኽነቱ ንምቕማጥ ስለዝግባእ።

ግዚኡ ሓይሊ ሚዛን ደርጊ እናተዳኸመ ሓይሊ ህወሓት/ኢ.ህወዴግ ብኣንፃሩ እናሓየለ ዕብየት እናረኸበን ዝመፅኣሉን ውድቀት ደርጊ ዝተቓረበሉን እዋን ስለዝነበረ ድሕሪ ውድቀት ደርጊ ንዝስዕብ ሓዱሽ መድረኽ ዝፀውር ብቕዓት ንምፍጣር ዘኽእል ስራሕቲ ህወሓት/ኢ.ህወዴግ ኣብ ዓብይ ወሳኒ ናይ ኣካላዊን ኣተሓሳስባዊን ምድላው ስለዝነበረ ዝወሰድናዮ ፖለቲካዊ ኮርስ ውን እንተኾነ ናይዚ ኣካል ሓደ ክፋል እዩ ነይሩ።

ብ1966 ዓ/ም ንዝነበረ ናዕቢ መላእ ህዝብታት ኢትዮጵያ ደርጊ ናብ ረብሕኡ ብምቕያር ወታሃደራዊ ሓይሉ ብምጥቃም ነቲ ናዕብታት ብዝተፈላለዩ ዘዴታት ኣጨናጊፉ ብክልተ እግሩ ምስ ረገፀ መሓውራት ዓፈንኡ ብምዝርጋሕ ነይሩ ስልጣኑ ዘረጋገፀ። ናይቲ ናዕቢ መላእ ህዝብታት ኢትዮጵያ መወዳእትኡ ብዕምቆት ብምምርማር ድማ እዩ ህወሓት መፍትሒኡ ብረታዊ ተጋድሎ ጥራሕ እዩ ኢሉ ብምእማን ንበረኻ ዝወፅአ። ንምንታይ? ህዝቢ ዝመረፆ መንግስቲ ስለዘይነበረ። ህዝቢ ዘይመረፆ መንግስቲ ህዝባዊ ክኸውን ባህሪኡ ስለዘይፈቕደሉን ስለዘይኽእን ፀረ ህዝቢ ስለ ዝኾነን እዩ። ብብረታዊ ተጋድሎ ህዝባዊ መንግስቲ ንምምፃእ ናብ በረኻታት ንምውፃእ ዘተገደደ።

ብ1981 ዓ/ም ብወታሃደራዊ ጉጅለ ደርጊ ኣብ ዝተፈተነ መፈንቅለ/ዕልዋ መንግስቲ ቅድሚ ምፍሻሉ ገና ኣብ ጅምሩ ናይቲ ዕልዋ ቀንዲ ተዋሳእቲ ወይ እቲ ጉጅለ ንህወሓትን ካልኦት ሓይሊታትን ናይ ምትሕብባር ፃውዒት ብምቕራብ ደርጊ ብመፈንቀለ መንግስቲ ብምውዳቕ ናይ ሓባር መንግስቲ ንምምስራት ጋቢዙ ነይሩ። ይኹን 'ምበር ህወሓት ብናይ ወታሃደራዊ ሓይሊ ተመሪሑ ዝፍጠርን ዝግበርን መፈንቀለ መንግስቲ ናይ ህዝቢታት ተሳትፎ ዘየካትት ስለዝኾነ ካብቲ ህልዊ ዘሎ መንግስቲ ብዝኾነ ይኹን መልክዑ ስለዘይፍለ ህወሓት ንዝቐረበሉ ፃውዒት ነፂጉን ተቓዊሙን።

ምስ ደርጊ ካብ መጀመርታ ክሳብ ውድቀቱ ኣብ ኩናት ገጢሙ ክሳብ ሐዚ ዘሎን ኣብ ውድቀት ደርጊ ብሕታዊ ስራሕ ዝፍፀም ዘሎን ህወሓት/ኢህወዴግ እዩ። እዚ ድማ ብወታሃደራዊ ጎነፅ ዝምዝገብ ስራሕ እዩ ዝኸውን። ደርጊ ምስ ወደቐ ቦታ ዝርከቦ ሓይሊ ወታሃደራዊ ሓይሊ ኢህወዴግ እዩ ዝኸውን። ሓይሊ ኢህወዴግ ንደርጊ ብሓይሊ ብረት ስለዝሰዓረ ግን መንግስትነት ብህዝቢ ከይተመረፀ ብሒቱ ንኸውንን ስለ ዘይግባእን ዝተቓለሰሉ ዕላማን ብዘይምኻኑ ህዝቢ ይኾነኒ እዩ ንዝበሎ ባዕሉ ብዘይ ገለ ተፅዕኖታት ነፃ ብዝኾነ መንገዲ ንምምራፅ ዘኽእል ባይታ ንምጥጣሕ ጥራሕ እዩ ናይ ኢህወዴግ ሓላፍነት ዝኸውን። ካብዚ ወፃእ ኣነ እየ ሞይተ ኣነ እየ ንደርጊ ስዒረ ተባሂሉ መንግስትነት ዝተሓዘሉ ኣካይዳ ፍፁም ዘይህዝባውን ዘይዴሞክራሲያውን ስለ ዝኾነ ህወሓት/ኢህወዴግ ንኩሎም ፖለቲካዊ ሓይሊታት ዋላ ውን ኣብ ግዜ ብረታዊ ተጋድሎ ንህወሓት ብብረት ንምምካት ኩናት ኣውጇም ብዝወልዕዎ ኩናት ዝተጠብሱ ኢህኣፓን ኢዴዩን ውን ብሰላምዊ መንገዲ ናብ ህዝቢ ቀሪቦም ንመንግስትነት ንክወዳደሩ በሪ ዝኸፍት ከይዲ ንምፍጣር ዘኽእል ሃዋህው እዩ ይመዓራረ ነይሩ።

ኣብቲ ኮርስ ዘለና ኮሚሳራት ሓይሊ ነዚ ፖለቲካዊ ኣረኣእያን ኣረዳድኣን ኣብ ነብሲ ወከፍ ተጋዳላይ ንክህሉን ንክዓቢን ንምግባር ዝተውሃበና ሓልፍነት እዩ ነይሩ። እዚ ከይዲ ሻቡ ዝተሓሰበ ወይ ዝተወጠነ ዘይኮነስ ህወሓት ካብ መፈጠሩ ኣትሒዙ ሒዝዎ ዝተፈጠረ ባህሪ እዩ ነይሩ። ህወሓት ንበረኻ ዝወፅኣሉ ብሕታዊ ዕላማ ውን እዚ እዩ ነይሩ። ካብዚ ወፃእ ህወሓት በረኻ ዘውፅእ ካሊእ ዋኒን ኣይነበሮን። ስለዝኾነ ውን እዩ ገና ኣብ መጀመርታ ዓመታት ምስ ኢህኣፓ ኢዴዩ ጠራናፊት ግንባር ግገሓት ኣብ ሰላማዊን ናይ ቃልሲ ናይ ምትሕግጋዝን ዝተመስረተ ርክባት ንክህልዎ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ዘይሕለል ፃዕርታት ኣብ ምክያድ ዝነበረ። ህወሓት ምስ ዝኾነ ይኹን ሓይሊ ኣፈላላያቱ ብኣፈሙዝ ክፈትሕ ፈፂሙ ሓሲቡ ኣይፈልጥን። እኳ ድኣስ ኣብ መንጎና ዘሎ ናይ ዕላማ ኣፈላላይ ሒዝና ናብ ህዝቢ ንቕረብ ህዝቢ ይፍረደና። ዝብል ፍታሕ እዩ ዘዘውትር ዝነበረ። እቶም ሓይሊታት ኣፈሙዝ ምስ ዘቕንዑ ውን እንተኾነ ነቲ ዘቕንዕዎ ኣፈሙዝ ንምውራድ ዘይተቖጠበ ድኻምን ፃዕርን ካብ ምክያድ ዓዲ ዝወዓለሉ ግዜን እዋንን ኣይነበረን። ንምንታይ? ህዝቢ ከይሓዝካ ዝብፃሕ ርሕቐት ከምዘይህሉ ስለዝኣምንን ኣብ ኩናት ስለ ዘይኣምንን። ኩናት ተገዲድካ መማረፂ ስኢንካ እትኣትዎ ዓርሱ ዝኸኣለ ንሕብረተ ሰብ ናብ ፀገም ዝዳርግ ሕማኞ ነገር ስለዝኾነን። ግን ኩሎም ሓይሊታት ህወሓት ንዝፈተኖ ሰላማዊ መንገዲ ብምንፃግ ኣብ ልዕሊ ህወሓት ኩናት ኣውጇም ህወሓት ከይፈተወ ተገዲዱ ክኣትዎ ዝተገበረ እዩ ነይሩ። ብዝወልዕዎ ኩናት ድማ ተሸኒፎም። ዓርሰ ቅትለት ፈፂሞም።

ህወሓት/ኢህወዴግ ህዝባዊን ዴሞክራስያዊ እዩ ኢልካ ምግላፁ እኹል ኣይመስለንን። ህወሓት/ኢህወዴግ ህዝብን ዴሞክራሲን እዩ ምባል ትኽክለኛ ናይ ህወሓት/ኢህወዴግ መግለፂ እዩ ዝኸውን። እቲ ሓቂ ውን ንሱ እዩ። ካሊእ ምሽጥር የብሉን። ህዝብን ዴሞክራሲን ማለት ህወሓት/ኢህወዴግ ማለት እዩ። ህወሓት/ኢህወዴግ ነብሲ ወከፍ መድረኽ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ብምኻንን ነቲ ህዝቢ ኣንቂሑ ወዲቡ ብምዕጣቕ እቲ ህዝቢ ባዕሉ ክቃለስ ብምግባርን እዩ ነዚ ሐዚ በፂሕዎ ዘሎ ደረጃ ክበፅሕ ዝኸኣለ። “ዓሳ ንምሓዝ ባሕሪ ምንፃፍ” ዝብል ኣባህላ ደርጋውያን ካብ ባዶ ዝመፅአ ዘረባ ኣይነበረን። ዝነበረ ተጋድሎ ናይ ህዝቢ

ተጋድሎ ብምንባሩ እዩ ነቲ ደጋፊ ናይቲ ቃልሲ ህዝቢ ብምውዳእ ንኣመራርሖኡ ንምህዳን ዘኽእል ከይዲ ዝጀመረ።

ባሕሪ ንምንፃፍ ካብ ዝብል ተበግሶ እዩ ድማ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ትግራይ ከም ኣብ ተንቤንን ሓውዜንን ህዝቢ ናይ ምጥፋእ ዘመተ ዘካየደ። ህዝቢ ትግራይ ከይጠፍአ ህወሓት ክጠፍእ ከም ዘይኽእል ንደርጊ ውን እንተኾነ ኣይተኸወሎን ነይሩ። እቲ ተጋድሎ ናይ ህዝቢ ተጋድሎ ምኳኑ ደርጊ ውን ሙሉእ ብሙሉእ ኣሚኑሉ ዝሓደረ እዩ ነይሩ።

ህወሓት/ኢህወዴግ ህዝባውነት ንምርግጋፅ ዝተፈጠረ ተጋድሎ ስለዝነበረ ውን እዩ ድሕሪ ውድቀት ደርጊ ንዝህሉ መድረኽ ዝፀውር ዓቕሚ ንምፍጣር በቢእዋኑ ንተጋደልቱ ፖለቲካዊ ብቕዓቶምን ዓቕሞምን ንምዕባይ ዕለታዊ ቃልስታቱ ገይሩ ብባህሊ ሒዝዎ ዝመፅአ። ኩሉ ተጋዳላይ ገና ኣብ ታዕሊም እንትኣቱ ጀሚሩ እዩ ናይ ሓፋሽ ህዝቢ ወሳንነትን ልዕልነትን ክርዳእን ካብዚ ዕላማ ብምብጋስ ንኽቃለስ ዝተመዓራረየ ኣረዳድኣን ኣረኣእያን ክህልዎን ዝግበር ዝነበረ። ንምንታይ? እቲ ዝስለፈሉ ዘሎ ተጋድሎ ህዝባዊ ተጋድሎ ስለዝኾነ።

ኩሉ ተጋዳላይ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ኣብ ዘሎ ናይቲ ተጋድሎ ሰንሰለት ዝተሰለፈ ብሙሉኡ ነዚ ዕላማ ብምቕባልን ብምእማንን ነይሩ ሂወቱ ብምኽፋል ነቲ ዕላም ኣብ ሽትኡ ንምብፃሕ ዝተወፈየ። ንምንታይ? ህወሓት/ኢህወዴግ በዚ ኣተሓሳስባ ዝሃነፆ ተጋዳላይ ስለዝነበረ። ኣብ ዝተፈላለዩ መድረኻት ብተግባር እናመስከረ ስለዝመፅአ። ካብዚ ብምብጋስ ውን እዩ ክሳብ ውድቀት ደርጊ ኣብ ዝነበሩ ውግኣት ንስኻ ፅናሕ ኣነ ክስዋእ ዝብል ባህሊ ሒዙ ናብ ዓወት ዝበቕዐ።

ናይ ሓደ ነገር መንነት እንታይነት ንምፍላጥ ቀሪብካን ኣብ ውሽጡ ኣቲኻን ጥራሕ እዩ ትኽክለኛ ስእሉ ክርከብ ዝከኣል። ብርሑቕ ንዝርኢ ትኽክለኛ ምስሊ ናይቲ ስእሊ ክንፀረሉ ኣይኽእልን። ብወረ ንዝሰምዕ ድማ ጠቕላላ ምስሉ ኣይገሃደሉን። ንዝኾነ ይኹን ተግባራት ምንቅስቓሳት ፍፃሜታት ስራሕቲ ሪኢኻ ምበር ይብሃል ያ ኣሎ ይስማዕ ያ ኣሎ ብዝብሉ ተባረርቲ ዘረባታት ፅሑፋት ሓቀኛ ምስሊ ናይ 'ቶም ዝውረየሎም ዘሎ ስለ ዘየትሕዙኻ ንነገራት ምፍራድ ብቑዕ መርተዖታት ኣይክኾኑን።

ትኽክለኛ ምስሊ ህወሓት/ኢህወዴግ ንምርኣይ ናብ ህወሓት/ኢህወዴግ ቀሪብካ ምምርማር የድሊ። እዚ ማለት ግን ኣባል ወይ ተጋዳላይ ምኳን ጥራሕ እዩ ምቕራብ ናብ ህወሓት/ኢህወዴግ ማለት ኣይኮነን። ናይቲ ስራሕቲን ውፅኢታትን ተጠቃሚ ምኳንን ንባዕሉ ዝኸኣለ ዓብይ መርትዖ እዩ።

ህወሓት/ኢህወዴግ ንዝገብሮም ስራሕቲ ኩሎም ካብ መንነቱ እዮም ዝምንጭው። ንመንነትን ምስልን ህወሓት/ኢህወዴግ ብዙሓት ሓይልታት ኮኑ ውልቀ ሰባት ዘይትርጉሙ ክህብዎ በቢ እዋኑ ዝወፈሩ ብዙሓት እዮም። ካብ ምጅማር እቲ ቃልሲ ክሳብ ሐዚ ግዜ እናሓለው ንየን ነዘን ዝብሉ ተፃባእቲ ክርኣዩ ፀኒሖምን ይርኣዩን ኣለው። እዞም ተፃባእቲ ህወሓት/ኢህወዴግ ተፃባእቲ ህዝብታት ኢትዮጵያ ብፍላይ ድማ ተፃባእቲ ህዝቢ ትግራይ እዮም። ኣብዚ መስርሕ ምፅባእ ዝተሰለፉ

ሓይሊታት ገሊኦም ገና ብግሓቱ ብረታዊ ተጋድሎ ኣብ ዝጀመረሉ ዝነበሩን ዝተፈጠሩን እንትኾኑ ገሊኦም ድማ ኣብ ውሽጢ እቲ ብረታዊ ተጋድሎ ዕላማታት ቃልሲ ህወሓት/ኢህወዴግ ኣብ ሽቶ ንምብፃሕ እጃሞም እናኣበርከቱ ፀኒሖም ግን ድማ ኣብ ዝተወሰነ ደረጃ ኣብፂሖም ካብኡ ምስቲ ቃልሲ ንምጉዓዝ ብርኪ ዝጠለሞም ደውታ ዝፈጠሩ ማዕበል ናይዚ ተጋድሎ ዝገለፎም ድሓር ፀረ ህወሓት/ኢህወዴግ ኮይኖም ዝተሰለፉ ሓይልታት እዮም።

እዞም ውልቀ ሰባት ኣብ ህወሓት/ኢህወዴግ ኣብ ዝለዓለ ናይ ኣመራርሓ ደረጃ ዝነበሩ ምኻኖም ታሪኽ ዝፈልጠ ሓቂ እዩ። ኣብ ግዜ ብረታዊ ተጋድሎ ውሕሉልን ፅፉፍን ስራሕቲ ሰሪሖም ነቲ ተጋድሎ ናብ ዓወት ዘብፅሑ ምንባሮም ብዝኾነ ይኹን ምኽንያታት ክከሓድ ዘይግበኦ ኣብ ታሪኽ ብረታዊ ተጋድሎ ነብሲ ወከፎም ዓብይ ቦታ እዩ ዘለዎም። ካብ እዞም ውልቀ ሰባት እዚኦም ገሊኦም ነቲ ብረታዊ ተጋድሎ እናመርሑ ክሳብ ዝተወሰነ ደረጃ እንተብፅሑ ገሊኦም ክሳብ ምዝዛም እቲ ብረታዊ ተጋድሎ ተቓሊሶምን ኣቃሊሶምን እዮም። ድሓር ግን ነቲ ዝተቓለስሉን ዘቃለሱሉን ነቲ ካብ ጎኖም ብዖቶም ብመስዋእቲ እንትፍለዩ ብሓደራ ዘረከብዎም ውድቦምን ህዝቦምን ዕላምኡን ሓደራ ስውኣት ብዖቶም ረሲዖምን ክሒዶምን ሎሚ ኣንፃሩ ላዕልን ታሕቲን ክብሉ ይርአዩ ኣለው። እቶም ብመስዋእቲ ዝሓለፉ ግን ንስኻትኩም ፅንሑ ነቲ ዝተረፈ መልኡ ኣብ ሽቱኡ ኣብፅሑ። ንሕና ከክንዳኹም ቅድሜኹም ክንስዋእ እናበሉ ነቶም ዝተርፉ ብልቢ ኣሚኖም እዮም ብመስዋእቲ ሓሊፎም።

ዶ/ር ኣረጋዊ በርሀ ኣይተ ስየ ኣብርሃ ኣይተ ገብሩ ኣስራት ወ/ሮ ኣረጋሽ ኣዳነን ኣብዚ እዋን ፀረ ህወሓት/ኢህወዴግ ኣብ ምንቅስቓስ ይርከቡ። ዶ/ር ኣረጋዊ በርሀ ነቲ ብረታዊ ተጋድሎ ንምጅማር ካብቶም ዝለዓለ ስራሕ ዝሰርሑ ሓደ ነይሩ ግን ገና ኣብ ግዜ ዕጥቃዊ ተጋድሎ ራሕሪሕዎ ዝኸደ እዩ። ቃልሲ ምረቱ ምስ ፀላኢ ብረታዊ ፍሕፍሕ ምስ ዝህሉ ጥራሕ ዝብል እምነት ብምሓዝ ቃልሲ ዝጀመረ እዩ ዝመስለኒ። ወይ ድማ ቃልሲ ካሮሳ ከምዝጎትት በኞሊ የማነ ፀጋም እንተይ ርኣየ ፊት ንፊት እናጠመተ ዝኸይድ ዓይነት ገይሩ ስለዝወዶ እዩ ይምስለኒ ብረታዊ ተጋድሎ የማንን ፀጋምን ድሕሪትን ቅድሚትን ኮታስ ብረቒቕ 360 ዲግሪ ክጥምት ምስ ጀመረ ኣይፋለይን በታ ሓንቲ ናይ ቅድሚት መርኣይት ጥራሕ እየ ክጥምት ዘለኒ ብምባል መድረኽ ዝጠልቦ ክምልስ ብዘይ ምኽኣሉ ነቲ ዝጠንሰሶ ውድቡ ራሕሪሕዎ ዝኸደ። ክሳብ ሐዚ ውን ካብቲ ከም በኞሊ ናብ ሓደ ኣንፈት ምስዘንበለ ተሰኒንዎ ደሪቑ ይርከብ። ምእንተ ኢትዮጵያ ኣብ ወፃኢ ድማ ክቃለስ ይርከብ። መቸም ምእንተ ዝኾነ ይኹን ዓዲ ካብቲ ዓዲ ርሒቕካ ዝግበር ቃልሲ ክሳብ ክንደየናይ ውፅኢታዊ ክኸውን ከምዝኽእል ዘይተገንዘበ ዶ ይኾን? ወይስ ንኢትዮጵያ ናብ ዕዳጋ ብምውራድ ክዋገየላ እዩ ዝፍትን ዘሎ? ወይስ ኣብ ናይ ቃልሲ ኣንፈታት ኣመልኪቱ እዩ ዝመራመር ዘሎ? ብወገነይ መልሲ ክረኽበሉ ኣይከኣልኩን። በቲ ኮነ በቲ ግን ኩሉ ኣካይድኡ ፀረ ሃገርን ህዝብን እዩ ኢልካ ንምፍራድ ግን ብዙሕ ኣፀጋሚ ኮይነ ኣይረኽብኩዎን።

ኣይተ ስየ ኣብርሃን ኣይተ ገብሩ ኣስራትን ኣብ ዝመፅእ ዘሎ መረፃ ኣብ ተንቤንን መቐለን ንህወሓት ንምስዓር ክወዳደሩ እዮም። ኣብ መቐለን ተንቤንን እንተዘይ

ስዒሮም ዴሞክራሲያዊ መረፃ ከምዘይኸውን ውን ተንብዮም። ግን እንታይ ንምባል እዮም ደልዮም እንተዘይ ስዒርና ዴሞክራሲያዊ መረፃ ኣይኾንን ክብሉ ዝኽኣሉ? ህዝቢ ትግራይ ናቱን ዘይናቱን ኣይፈልጥን ክብሉ ደልዮም ዶ ይኾኑ? ህዝቢ ተንቤንን መቐለን ጠቐምቱን ጎዳእቱን ነፂሩ ክፈልጥ ኣይኽእልን። ደቂ እቲ ከባቢ ስለዝኾና ዕላማና ብዘየገድስ ክንጠቐሞ ዲና ክንጎድኦ ብዘየገድስ ብዕሙት ክመርፀና እዩ ማለቶም ዶ ይኸውን? ህዝቢ መቐለን ተንቤንን ንሕጊ ዘይግዝኡ ሰባት ወከልቲ ክኾንዎን ንኽመርሕዎ ፍቓደኛ እዩ ማለቶም ዶ ይኸውን? ህዝቢ መቐለን ተንቤንን ኣብ ብረታዊ ተጋድሎ ደቁ ምእንተ እቲ ተጋድሎ ብመስዋእቲ ኣይሓለፉን እሞ ብዝባን ስወኣት ተባሂልና ረጊፅና ምውፃእና ኣይንታዩን ወይ ድማ ንዝተሰውኡ ደቁ ክብሪ ዘይምሃብ ዝባን ስወኣት ተባሂልና ረጊፅና ምውፃእና ብጅግንነት ክቕፅረልና እዩ ወይ ድማ ይቅርታ ክገብረልና እዩ ማለቶም ዶ ይኸውን? ህዝቢ መቐለን ተንቤንን ናይ ባዕሉ ናይቲ ህዝቢ ወሳንነት ትሕቲ ክብርና እዩ ከቐምጦ። ልዕሊኡ ምኳንና ፈሊጡ ኣብ ትሕቴና ገይርና ከምዝደለናዮ ንኽንረግፆ ፍቓደኛ እዩ ማለቶም ዶ ይኾን?

ንሳቶም ነዞም ልዕል ኢለ ብሕቶ መልክዕ ከቕርበን ዝፈተንኩ ሓቅታት ይሃልዎ ኣይሃልዎ ብዝመሰሎም መሊሰሞ ሓሊፎም ኣለው። እንተ ኣነ ግን ካብ ሓሳቦም ተበጊሰ ነዚ ዝስዕብ ከቐምጥ ፈቲነ ኣለኹ።

ክንምረፅ ኢና ኢልካ ናብ መድረኽ ምምፅኡ ዓርሱ ዝኽኣለ ገበን ይመስለኒ። ናይ ኣረዳድኣ ገበን። ኣብዚ ዘለናዮ መድረኽ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዝህሉ ኩሉ ዓይነት መረፃ ንምውድዳር ፈላማ ሓደ ሰብ ወይ ጉጅለ ናይ ሕጊ ላዕለዋይነት ክኣምንን ክቕበልን ግድን ይኸውን። ኣይተ ስየን ኣይተ ገብሩን ኣብ ኣመራርሓ ኣብ ዝነበርሉ እዋን ንሓሳባቶም ብዝበዝሕ ናይቲ ማእኸላይ ኮሚቴ ተቐባልነት ኣብ ዘይረኸበሉ ግዜ ስዕረቶም ተቐቢሎም ብድምፂ ኣብዝሓ ተገዚኦም ክኸዱ ኣይከኣሉን። ነቲ ዝተገበረ ድምፂ ኣብ ክንዲ ምቕባል ሽሙን ዘይሽሙን ብምሃብ ጠንጠነና ኢሎም ካብቲ መስርሕ ዓርሶም ዘግለሉ ሰባት እዮም። ኣነ በዓል ስየ ዘቕረብዎ ዝተስዓረ ሓሳቦም ጌጋ ነይሩ ኣይኮንኩን ዝብል ዘለኹ። ኣብቲ ዝርርቦም ኣይነበርኩን። ብኣሰራርሓ ኣንፃር እየ ዘውግዕ ዘለኹ። ናይ እኒ ስየ ኣብርሃ ትኽክለኛ ሓሳብ ነይሩ ንበል። ዋላ 'ኳ ሓሳቦም ትኽክል ይኹን 'ምበር ብድምፂ ምስ ዝሰዓር ግን ንስዕረቶም ሙሉእ ብሙሉእ ብልቢ ተቐቢሎም ክኸዱን ንተግባራውነቱ ብዘይትልግምቲ ክንቀሳቐሱን ይግበኦም ነይሩ። ኣብ ክንድኡ ግን ንሕጊ ጥሒሶም። ንሕጊ ድሕሪ ምርጋፅ ብድሕሪኡ ናይ ህወሓት ናይ ቁፅፅር ኮሚቴ ደጊፉና እባ ወዘተ ዝብል በለካ ለኽዐካ ተቐባልነት ኣይህልዎን። ናብቲ ናብቲ ምጥራዕ ብዝኾነ ይኹን ተኣምር ተቐባልነት ክረክብ ኣይነበሮን። ከምዚ ምስ ኣጋጠሞም እዮም ሰባት
"ሕጂ ዶ የሐይሽ ደኒንካ ምብካየ
ቀደም ነበረ 'ምበር ግፍዒ ምንካየ" ዝበሉ። እቲ መሰረታዊን ቀንድን ናይ ጉባኤ ሕጊ <u>*ውሑዳት ኣብ ትሕቲ ብዙሓት*</u> እዩ። እዚ ሕጊ ንኹሉ ብማዕረ የገልግልን ከምኡ ውን ይገዝእን። ሕግታት ጉባኤ ከፍርስን ክጥሕስን ዝኽእል ዝኾነ ይኹን ኣካል የለን። ቁፅፅር ኮሚሽን ውን እንተኾነ ፈፂሙ ሓላፍነት የብሉን። ሕጊ ከፅድቕን ክስዕርን ዝኽእል ባዕሉ እቲ ጉባኤ ጥራሕ እዩ። ነዚ ከይዲ ረጊፅካ

ብድሕሪኡ ንዝመፅእ ጥርዓን ዋጋ ዝወሃቦ ኣይኾውንን። መእሰሪኡ ዝተበተኾ ነገር ዝዓይነቱ እዩ ዝኾውን።

ኣብዚ ሒዝናዮ ዘለና ዓመት ኣብ ዝመፅእ ዘሎ ሃገርለኸ መረፃ ህዝቢ መቐለን ተንቤንን ንስየን ንገብሩን እንተዘይ መሪፁ ዴሞክራሲያዊ ምርጫ ኣይኾውንን። ማለቶም ብናይ ኣብዝሓ ውሳነ ክኣምኑ ዘይኽእሉ ንባዕሎም ልዕሊ ብዙሓት ዘቐምጡ ኣብ ዝቕፅል መረፃ እንተተሳዒሮም ፍትሓውነት ዝጎደሎ ገይሮም ከቐምጥዎ ምኳኖም ብገንኡ እናነገሩና እዮም ዘለው። ፍትሓውነትን ዴሞክራሲያውነት መረፃ ኢሎም ዝመዝንዎ ንሳቶም ብዝደልይዎ መንገዲ እንትኸይድ ጥራሕ ‘ምበር ዝበዝሕ እንታይ በለ ወይ እንታይ ወሰነ ወይ እንታይ መረፀ ኣይእንታዮምን።

ካሊእ ገበኖም ንህዝቢ መቐለን ተንቤንን ዝጠቕሞን ዘይጠቕሞን ነፂሩ ክፈሊ ዝኽእል ህዝቢ ገይሮም ዘይምርኣዮም እዩ። እዚ ህዝቢ ንህወሓት ነቒሑን ተወዲቡን ዝተቐበለ ምኳኑ ዝኸሓዱ ይመስሉ። ህዝቢታት ክልቲኡ ከባቢታትን መላእ ህዝቢ ትግራይን ደቁ ንመስዋእቲ መሪቑ ንህወሓት ዝሃበ ህወሓት እዩ ዋሕሰይ ኢሉ ብምእማን ነይሩ ንህወሓት ዓንዲ ሑቐ ዝኾነ። ደቁ ዝተሰውእሉ ዕላማ ከምፅእ ዝኽእል ብሕታዊ መሪሕ ውድብ ህወሓት ምኳኑ ገና ብግሓቱ ፈሊጡን ኣሚኑን ተቐቢሉን ነይሩ ኣብ መስርሕ እቲ ተጋድሎ እጃሙ እናኣወፈየ ዝፀንሐን ዘወፌ ዘሎን። መሪቑ ዝሰደዶም ደቁ ዝተሰውእሉ ውድብ እዩ ህወሓት። ፍረ መስዋእቲ ደቁ ድማ እናረኸበን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ረብሕኡ እናዓበየን ዝመፅእ ዘሎ ብመሪሕ ውድቡ ህወሓት ምኳኑ ብዝግባእ እናረኣዮ ዘሎ ዘይተኸውሎ ነገር እዩ። ንዝፈሰሰ ደም ደቁ ኮንቱ ከይተርፍ ህዝቢ ተረባሒ ንምግባር ኩነታት ይኸፉእ ይጥዓም ብዘየገድስ ንኹሉ ክኢሉ ሐዚ ውን ኣብ ልምዓታዊ ተጋድሎ ዝዋሳእ ዘሎ ህወሓት ሓዲጉ ካሊእ ዘይረብሐን ኣብ ከይዲ ጠሊምዎ ንዝኸደን ንዝኸሓዶን ዝመርፀሉ ዝኾነ ይኹን ምኽንያት ኣይህልዎን። ክብሪ መስዋእቲ ደቁ ዘይሕሉ ውልቀ ሰብ ኮነ ጉጅለ ሓንጎፉይ ኢሉ ዝቕበለሉ ልቦና የብሉን።

እዞም ናይ ህዝብን ናይ ስውኣት ብፆቶም ሕድሪ ዝጠለሙ ዝኸፍአ በደል ኣብ ልዕሊ ህዝቦም ይፍፅሙ ኣለው። ፀረ ህወሓት/ኢህወዴግ ንዝገብርዎ ገልጠምጠም ምስ ካልኦት ሓይሊታት ተወሃሂዶም ንየን ነዘን ኣብ ምባል ይርከቡ። እዞም ሐዚ ሓቢሮሞም ዘለው ሓይሊታት እዚኣቶም ፀረ ህዝቢ ትግራይን ፀረ ህዝብታት ኢትዮጵያን ምኳኖም ኣንዳዕዲያም ይፈልጥዎም እዮም። ኣብ ህወሓት/ኢህወዴግ ኣብ ዝነበርሉ እዋን ውን እንተኾነ ፀሪኦም እናተቓለሱ ምንባሮም ባዕሎም ውን እንተኾነ ዝኽሕድዎ ነገር ኣይኮነን። ገሊኦም ተረፍ መረፍ ኢህኣፓ መኢሰን ደርጋውያንን እዮም። ምስ እዚኦም ኣብ ዝተገበረ ብረታዊ ግጭታት ተሰሊፎም ዝወቕዕዎም እዮም። ሎሚ ግን ክሰግድሎም ይርአዩ ኣለው። ንምንታይ? ማዕበል ልምዓታዊ ተጋድሎ ሀውሓት/ኢህወዴግ ካብ መስርሑ ስለዝገለፎም እዮም ሎሚ ከይፈተው ኣብ ሕሉፍ ዓመታት ፀላእቶም ንዝነበሩን ብረት ዓጢቖም ንዝመከትዎምን ጎይታይ እንበይተይ ዝብልዎም ዘለው። ንምንታይ? **ክፀድፍ ያ ዝበለ ቆንጥፍጠፈ ይሓቁፍ** ስለዝኾነ ነገሩ።

ካብ ግዜ ብረታዊ ተጋድሎ ኣትሒዙ ነቒሑ ተወዲቡ ዓጢቑ ንህወሓት ዘገበለ ህዝቢ ተንቤንን እንደርታን ንመን ይመርፅ ኣብ ከይዲ ዝርአ ነገር እዩ። ብዓሌት ብዘርኢ ንምድንጋር ምፍታን ግን ፀሓይ ዝዓረቦ ውዲት እዩ።

ናብ መድረኽ እንትትመፅእ ግን ቅድሚ ምምፃእኻ ፈለማ ንባዕልኻ ፈቲሽካ ምምፃእ ዝግባእ እዩ ዝመስለኒ።

ካብቶም ክትፍሾም ዝግባእ ነገራት ገሊኦም
*ንሕጊ ክሳብ ክንደየናይ ተገዛኢ እየ? ኣብ ዴሞክራሲ ዘለኒ ኣረዳድኣን እምነትን ትኽክለኛነቱ ክሳብ ክንደየናይ እዩ? ውሑዳት ኣብ ትሕቲ ብዙሓት ዝብል ዘይምቕባል ዴሞክራሲያውነት ድዩ? ብሓደ ወገን ዝተውሃበካ ህዝባዊ ሓላፍነት ራሕሪሕካ ብካሊእ ኣንፈት ኣለኹ ማለት ንህዝባውነትካ ክሳብ ክንደየናይ የረጋግፅ?* ዝብሉን ካሎትን ሓዊስካ ባዕልኻ ንባዕልኻ ብምሕታት ክትምልስ ምፍታን ምናልባት መንገድኻ ንኽትርኢ ሓጋዚ ይኸውን እዩ ይብል ኣነ።

**ሃይለ/ተጋዳላይ**
**ኣውስትራልያ**
02/05/10